# ዓበቕ



ናይ ረኽሲ ምክልኻልን ምቊጽጻርን
ሓበሬታ መጽሓፍ

Tigrinya

# ዓበቕ

ዓበቕ ልሙድ ኮይኑ ዝኾነ ሰብ ክሓምም ይኽእል እዩ። ምስፍሕፋሕ ደው ንምባል ብቕልጡፍ ክሕከም ኣለዎ። ዓበቕ እንተኾይኑ መርምር

ምልክታቱ እዞም ዝስዕቡ እዮም:

- ብርቱዕ ሳሓ ብፍላይ ምሸት
- ልዕል ዝበለ ሹፍታ ወይ ነጠብጣብ

እቶም ነጠብጣባት ቀይሕ ክመስሉ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ጸሊም ቆርበት ንምርኣይ ዝያዳ ኣጸገምቲ እዮም፡ነገር ግን ክትድህስሶም ክትክእል ኣለካ።

**ዓበቕ እንተኾይኑ መርምር**

ምልክታቱ እዞም ዝስዕቡ እዮም:

- ብርቱዕ ሳሓ ብፍላይ ምሸት
- ልዕል ዝበለ ሹፍታ ወይ ነጠብጣብ

እቶም ነጠብጣባት ቀይሕ ክመስሉ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ጸሊም ቆርበት ንምርኣይ ዝያዳ ኣጸገምቲ እዮም፡ነገር ግን ክትድህስሶም ክትክእል ኣለካ።



ደቀቕቲ ቀጫጭ ኣብ ሓደ ጫፉ ነጥቢ ዘለዎም መስመራት ብምግዳፍ ኣብ ቆርበት እንቋቑሖ ይወልዱ።



እቲ ሹፍታ ኣብ ዝኾነ ቦታ ክኸሰት ይኽእል እዩ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ግን ኣብ ሞንጎ ኣጻብዕቲ ኣብ ዘሎ ቦታ ይጅምር



ድሕሪኡ እቲ ሹፍታ ከስፋሕፍሕን ናብ ነኣሽቱ ነጠብጣባት ክቕየርን ይኽእል። ሕብሪ ቆርበቱ ብርሀ ኣብ ዝበለ ቆርበት ቀይሕ ኮይኑ ክርአ ይኽእል።



እቲ ሹፍታ ኣብ'ቲ ቆርበት ጸለምቲ ነጠብጣባት ክገድፍ ይኽእል። ኣብ ጽልም ዝበለ ቆርበት ሓሙኹሽታይ ወይ ጸሊም ኮይኑ ክርአ ይኽእል።

# ዓበቕ

ዓበቕ መብዛሕትኡ ግዜ ከቢድ ሕማም ኣይኮነን ክሕከም ግን ኣለዎ። ከም ኤግዜማ ንዝኣመሰሉ ገለ ሕማማት ከጋድድ ይኽእል እዩ።

ዓበቕ ኣዝዩ ተላባዒ እዩ፡ ነገር ግን እቲ ሹፍታ ወጺኡ ንክርአ ክሳብ 8 ሰሙን ክወስድ ይኽእል።

ነቲ ሹፍታ ምሕካኽ ናይ ቆርበት ረኽስታት ከስዕብ ይኽእል።

ምልክታት ዘይብሎም ሓዊሱ ኩሉ ሰብ ኣብ ተሰሳሳሊ ግዜ ክሕከሙ ይግባእ።

# ምትሕልላፍ

## ካብ ዝተለኽፈ ሰብ:

ቀጥታዊ ናይ ቆርበት ምስ ቆርበት ርክብ ምስ ብዓበኽ ዝተለኽፈ ሰብ።

ብዘይምቁራጽ ንኣስታት 10 ደቓይቕ ናይ ቆርበት ምስ ቆርበት ርክብ።

እቶም ደቀቕቲ ቀጫጭ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክዘሉ ኣይክእሉን እዮም፡ ነገር ግን ንሓጺር ግዜ ናይ ቆርበት ምስ ቆርበት ርክብ ምስ ዝህሉ ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካልእ ሰብ ክሰግር ይኽእል እዩ። ንኣብነት፡ ናይ ኢድ ምትእስሳር፡ ጾታዊ ርክብ።

# ውጥን ሕክምና ንዓበቕ

## መዓልቲ ምጥፋእ 1

ነቲ መድሃኒት ቅድሚ ምልካይካ ኣይተሓጸብ ወይ ሻወር ኣይትውሰድ። እቲ ሎሽን/ክሬም ኣብ ዝሑል ቆርበት ክልከ ኣለዎ።

ኩሉ ክፋል ኣካላትካ እንተላይ ከብዲ-ኢድ፡ ከብዲ-እግሪ፡ ዘይተቐርጹ ጽሩያት ኣጽፋር ኢድን እግርን፡ ክሳድ፡ ገጽ፡ ኣእዛንን ጸጉሪ ይስሑ እንተሎ መንበስበስታን ምሽፋኖም ኣረጋግጽ።

እቲ ኣፍራዪ ብዘይካ ንዝተወሰኑ ጉጅለታት ልዕሊ ክሳድ ምልካይ ከይመክር ይኽእል፡ ይኹን እምበር ርእይቶ ክኢላታት እዚ ከባቢ ኣብ ኩሉ ጉዳያት/ርክባት ክሕከም ኣለዎ ዝብል እዩ። መላእ ኣካላት ንምልካይ ካብ ሓደ መትሓዚ ሎሽን/ክሬም ከድሊ ይኽእል።

እቲ ፍርያት እንተተኣልዩ ዳግማይ ክልከ ኣለዎ (ንኣበንት ኣብ እዋን ምሕጻብ ኢድ ወይ ምጥቃም ሽቓቕ)።

እቲ ክሬም/ሎሽን ከም'ቲ ብኣፍራዪ ዝተዋህበ መምርሒ ድሕሪ ፍወሳ ክእለ ኣለዎ።

ለይቲ-ለይቲ ምልካይ (እንተወሓደ ሸሞንተ ሰዓታት) ዝያዳ ውጽኢታዊ እዩ፡ ምኽንያቱ መድሃኒት ብሰንኪ ዕለታዊ ንጥፈታት ስለዘይድረዝ።

እቲ ክሬም/ሎሽን ከም'ቲ ብኣፍራዪ ዝተዋህበ መምርሒ ድሕሪ ፍወሳ ክእለ ኣለዎ። ድሕሪ ፍወሳ መንጸፍ ዓራትን ክዳውንትን ሕጸብ።

ኩሎም ሰራሕተኛታት'ውን ኣብ ውሽጢ ተመሳሳሊ 24 ሰዓታት ሕክምና ክከታተሉ ይግባእ።

## መዓልቲ ምጥፋእ 2

ድሕሪ መዓልቲ ምጥፋእ 1 ድሕሪ 7 መዓልታት ካብ መዓልቲ ምጥፋእ 1 ጀሚርካ ኩሎም ስጉምትታት ድገሞም።

ኩሎም ኣብ ውሽጢ ተመሳሳሊ 24 ሰዓታት።

# በዚ ዝስዕብ ርኸበና

Kirkleesን Wakefieldን ጉጅለ ምክልኻልን ምቁጽጻርን ረኽሲ

ኢመይል: infection.control@kirklees.gov.uk

ቴለፎን: 01484 221000

መርበብ ሓበሬታ:

www.kirklees.gov.uk/
infectioncontrol

SCAN ME

ትካል ድሕነት ጥዕና ዓባይ ብሪጣንያ (UKHSA)

ቴልፎን: 0113 386 0300

ካብ ሰዓታት ወጻኢ ምኽሪ 0151 909 1219